እንካብ *“ግጥምታት ሃገረይ”* ዚብሃል መጽሐፈይ እተወስደ

…’ቱ ወዳ ሓደ ግናይ
በጽሒ ግደ ዛቑናይ፤
ደቂ’ቕ አዕይንቱ፥ ድሙ!
ገብረ-አባዲ ስሙ።
ምስ ምህረይ ተማኺርና
ሓደ ብልሓት ፈጢርና፤
“ሬሳ ዘይብሉ ቐብሪ፥
ሓመድ ዘይብሉ ምድሪ!
ጥራዩ ’ዙ ቓሬዛ፣
ከፍዶ ኽንብል አብ ገዛ?
ዝገበርኩም ግበሩ
ሓደ ብልሓት ፍጠሩ…

…ሬሳ’ሞ ኻብ ተስአነ
ወዳ ግናይ ካብ ኮነ
በአረቂ ’ሞ ነስክሮ
ደሓር ሒዝና ኽንቀብሮ፣
’ዙ ድቂ’ቕ ርእሲ ምልቆ
ሓደራ! አይነጭንቆ…”
ኢልና ምስጢር መኺርና
ናብ አባዲ ቐሪብና፤
“…አባዲየ ንዐኒ!
በይዛኻ’ባ ይስጠሓኒ…
ባይዛአ ’ሞ ’ታ እኖኻ!
አባዲ አይትብከ፥ አይዞኻ!
ማድያት ከይወጸካ
ንዓ ተለኸ ገጽካ።
በል’ሞ አይትብከ አይዞኻ!
ንስኻ እንኳዕ ሃለኻ፥
ጓሂን ከይመርረካ
መረስዕ ሓዘን እንካ…”
ኢልና ሰብ ከይርእዮ
ሕብእ-ብእ አቢልናዮ
ሸፋፊንና ብጨርቂ፣
ጥርሙዝ ቐዲሕና አረቂ
ሃብናዮ’ሞ ብ ፍንጃል፣
ምዕጉ አበላ ዓንጃል!
’ዙ ጨጋዕ እግሩ ሞጃል
ብወረጠ ምምንጃል…
አኽቲልና ኻልአይታ
ሃብናዮ መሰነይታ።

ገብረ-ኣባዲ ወርቂ
ክልተ መለክያ ኣረቂ
ጐርዳዕን’ሞ ኣበለ
ሰትዩ ዓይኑ ዕንጉለ
ፍዝዝ-ዝዝ ደኣ በለ፤
“ኽልተ ’ማ መባኣስቲ፥
ከም ሥላሴ፥ ሣልሰይቲ፣
ኣማሕጺነ! ኽትሰቲ!”
ኢለ ቕዲሔ ’ብ ኢዱ
ኣዕተርኩዎ ’ዛ ጉዱ፥
ኣጐርዳዓ ኣንጐድጒዱ
ሳልሰይቲ ምስ ጨለጠ
ኣብ ባይታ ተገልበጠ።
…ተጓይና ኻብ ገዛ
ኣምጻእና ’ሞ ቓሬዛ
ወሲድና ዓዲ-ኣርባዕተ
ቀበርናዮ ’ንተይ ሞተ።

ቀባሪና ስኒና
ገዛና እንተ ኣተና
ጥርሙዝ ኣረቂ ሒዙ
ኣባዲ ምስ መግነዙ
ኣብ ባይታ ተኾዲሙ
ጸንሐና መገረሙ!
ምህረይ ግፋው ደንገጹ
መታልሕቶም ረሃጹ፤
“ንዓ! ውጻእ! ተመንጠል!
ኣንታ ኽፉእ መሸከል!
ወዲ ’ቱ ርጉም ዲያብሎስ!
ካበይ መጻእኻ፣ ኣርዮስ!
ሎምስ ሰብ ተመሲሉ
ጋንየን መጺኒ ባዕሉ፣
ከደከ ሰይጣን!…” ኢሎም
ጸፍዕዎ ብመስቀሎም።
ወደቐ! ጥቕልል በለ
ኣብ ባይታ ተንከብለለ…
እንደገና ኣልዒልና
ዓዲ-ኣርባዕተ ጐየና…

’ቱ ጉድጓድ ’ንተ ተኹዓተ
ምዕማቑ ትሽዓተ
እመት ምስ ስድሪ ኾነ
ዚኣምን ሰብ ተስኣነ

አብ ተንኮበት ድማነ
ሬሳ ዝተጐንጐነ
ጉድ ጸንሐና ድአነ!
“እዙይከ ’ባ ’ንታይ ቅጥዑ?
እንታይከ መለክዑ?
ገብረ-አባዲ ድዩ?
ነገሩ ከመይ እዩ?...”
ኢልና ’ና ተጨነቕና
እንጭብጦ ስኢንና
ፊር-ፊር! ’ና ተንቀጥቀጥና
’ቱ ተንኮበት ቀዲድና
ቀሊዕና ’ንተ ረኤና
ለብዘበን ጉድ መጸና!
ወይዘሮ ቢሰጥ ዓይና
ቋሕ ኢሉ ጠቐሰና...
ዓቕልና ጸበበና!
ቅጥዑ ዝጠፍኤ ነገር
እንታይከ ’ሞ ይግበር?

ጭራኦም ነሳኒሶም
ምህረይ ግፋው ተንፊሶም
አቕንዑ ’ሞ ’ቱ ርእሶም፤
“...ቢሰጥ አንቲ መሰሪ!
አብዙይከ እንታይ ትገብሪ?
ሬሳኺ ብምስአንና
አብ ክንደይ ጉድ አቲና!...”
ኢሎም ’ንተይወድኡ
ምህረይ ሞቶም ተረድኡ!
ንዓቐብ ተላዒላ
ካብ ’ቱ ጉድጓድ ስር ኢላ
’ኽሳዶም ተጠቕሊላ
ብጐረርኦም ሓኒቓ
እስትንፋሶም አጭኒቓ
አውደቐቶም ፈጥሪቓ!
አብ ሕቑፉ ተጠቕሊሎም
ፈንጠርጠር ’ናዕገርገሩ
ጻዕረ-ሞት ’ናተጽዓሩ
“ምሓርኒ!” ’ናበሉ
ምሒሎም ’ናጥሓሉ
ንውሽጢ አንቆልቍሎም
ብጸልማት ተኸዊሎም
ወረዱ ንሲኦሎም።...
ገ/ኢ. ጐርፉ።